BBC LEARNING ENGLISH

# Essential English Conversation

## How many brothers and sisters do you have?

## ክንደይ ኣሕዋት?

*This is not a word-for-word transcript.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰላም: እንቋዕ ናብ መደብ Essential English Conversation ብድሓን መጻእኹም። እዚ ንተምሃሮ ቋንቋ እንግሊዘኛ ኣዝዩ ኣድላዪ ዝኾነ መደብ'ዩ። ኣነ ተመስገን እበሃል፡ኣብ ናይ ሎሚ ክፋል፡ ድማ ሰባት ክንደይ ኣሕዋትን ኣሓትን ከም ዘሎዎም እትውከስሉ ኣገባብ ክትመሃሩ ኢኹም።

ሕጂ፡ ክልተ ሰባት ንሓድሕዶም ክንደይ ኣሕዋትን ኣሓትን ከም ዘሎዎም ክተሓተቱ እንከለዉ ንስማዓዮም።

***Donna***
*How many brothers and sisters do you have?*

***Ray***
*I have one brother. How about you?*

***Donna***
*I don't have any brothers and sisters.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ክብድ ዝብል እንተመሲሉ፡ እዚ ምይይጥ ከፋፊልና ብምቕራብ ንኽትለማመዱሉ ክንሕግዘኩም ኢና።
ብመጀመርታ ዶና ን ረይ 'ክንደይ ኣሕዋትን ኣሓትን ኣለዉኻ?' ኢላ ሕቶ ኣቕሪባትሉ። 'How many brothers and sisters do you have? ሰባት ክንደይ…ከም ዘሎዎም ንምፍላጥ እዚ ሓረግ'ዚ ክንጥቀም ንኽእል 'how many …do you have?' ኣብቲ ዕላሎም ዝቐረበት ቀዳመይቲ ሕቶ እዛ ትስዕብ'ያ። ነቲ ሓረግ ሰሚዕኩም ድገሙ።

*How many brothers and sisters do you have?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ረይ ድማ 'ኣነ ሓደ ሓው ኣሎኒ' ኢሉ መሊሱላ 'I have one brother.' ኣስዒቡ ኸኣ ከምዚ ኢሉ ሓቲቱዋ 'ንስኺ'ኸ?' 'how about you?' እዚ ንዝተሓተቶ ሕቶ ዝመሳሰል፡ ንምሕታት ዝተጠቕመሉ ሓረግ'ዩ። ነቲ ሓረግ ሰሚዕኩም ድገሙ።

*I have one brother.*

*How about you?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ዶና ን ረይ ከምዚ ዚስዕብ መልሲ ሃቢቶ 'ኣሕዋትን ኣሓትን የብለይን' 'I don't have any brothers and sisters'. እታ 'any' ትብል ቃል 'I don't have…' ንዚብል ሓረግ ከም መለቀብታ እንጥቀመላ ቃል'ያ። ነቲ ሓረግ ሰሚዕኩም ድገሙ።


© British Broadcasting Corporation 2018

*I don’t have any brothers and sisters.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ! ከም መፈተንታ’ምበኣር ካልኣት ሰባት ብዛዕባ ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ንሓድሕዶም ክተሓተቱ ኸሎዉ ንስማዕ።

*How many brothers and sisters do you have?*

*I have one brother. How about you?*

*I have one brother and one sister.*

*How many brothers and sisters do you have?*

*I don’t have any brothers and sisters. How about you?*

*I have two sisters.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕራይ፡ ደጊምና ንፈትን። ነቶም ናይ እንግሊዘኛ ምሉኣት ሓሳባት ሰሚዕኩም ድገሙ። ንኹሎም ንሓደ ጊዜ ክትሰምዕዎም ኢኹም።

*How many brothers and sisters do you have?*

*I have one brother.*

*How about you?*

*I don’t have any brothers and sisters.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም! ካብዚ ሕጂ ዝተማሃርኩምዎ ክንደይ ክትዝክሩ ከም ትኽእሉ ንርአ። ነቶም ሓረጋት ብቋንቋኹም ምስ ሰማዕኩም ናብ እንግሊዘኛ ተርጉምኩም ኣቕርቡዎም።

*ክንደይ ኣሕዋትን ኣሓትን ኣለዉኹም?*
*How many brothers and sisters do you have?*

*ኣነ ሓደ ሓው ኣሎኒ።*
*I have one brother.*

*ንስኺ’ኸ?*
*How about you?*

*ኣነ ኣሕዋት ኮነ ኣሓት የብለይን።*
*I don’t have any brothers and sisters.*


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ - ሕጂ'ምበኣር፡ ንሰባት ክንደይ ኣሕዋትን ኣሓትን ከም ዘሎዎም ክትውከስዎም ትኽእሉ። ንዶና መልሲ ብምሃብ ተለማመዱ። እታ፡ 'ንስኺ'ኸ?' ትብል ተወሳኺት ሕቶ ምሕታት ኣይትረስዑ 'how about you?'

*How many brothers and sisters do you have?*
*I don't have any brothers and sisters.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ! ሕጂ ነቲ ዝነበረ ዕላል ብምልኡ ብምስማዕ፡ ዘቕረብኩምዎም መልስታት ንምክትታል ደጊምኩም ስምዑዎም።

***Donna***
*How many brothers and sisters do you have?*

***Ray***
*I have one brother. How about you?*

***Donna***
*I don't have any brothers and sisters.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ! ሕጂ ንሰባት ክንደይ ኣሕዋትን ኣሓትን ከም ዘለዉዎም ክትውከሱዎም ትኽእሉ። ዝተማሃርኩምዎ ደጋጊምኩም ምልምማድ ኣይትረስዑ። መሓዛ ረኺብኩም ብእንግሊዘኛ 'how many…do you have?' 'ክንደይ . . . ኣሎኩም?' ኢልኩም ክኣ ተወከስዎም።

ኣብ ዝቕጽል መደብ Essential English Conversation ክሳብ ንራኸብ ሰሰናዩ። Bye!